# ቃለ-መሓትት ፕረሲደንት ኢሳያስ ምስ ሽወደናዊ ጋዜጠኛ ቦስትሮም

## ብቛንቋ እንግሊዝኛ ኣብ ግንቦት 24, 2009 ዓ.ም ዝተገብረ

### ትርጉም ብሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

May 10, 2009

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሽወደናዊ ጋዜጠኛ ዶናልድ ቦስትሮም ኣብ ቤት መንግስቲ ኣስመራ ምስ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኮፍ ኢሉ ንሰብዓ ደቓይቕ ቃለ መሓትት ኣካይዱ። እዚ ድሕሪ'ቲ ዜናዊ ማዕከናት ናይ ሽወደን ብምኽንያት እሱር ሽወደናዊ-ኤርትራዊ ዜጋ ብስርዓት ኢሳያስ ተኣሲሩ ዘሎ ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ንህዝቢ ሽወደን ንምሕባር ንሓደ ወርሒ ሙሉእ ዝተኻየደ ናይ ምቅላሕ ወፈራ ኔሩ። ሕመረት ተልእኾ ጋዜጠኛ ቦስትሮም ኣብ ጉዳይ ዳዊት ዘተኰረ እኳ ይኹን'ምበር፤ ብዛዕባ ስርዓት ኤርትራን ፖለቲካውን ቍጠባውን ዲፕሎማስያውን ቅዋማታን ብዝርዝር ሓቲቱ እዩ። ጋዜጠኛ ብዛዕባ ኤርትራ ዝምልከት ብዕምቆት ኣጽኒዑ ተዳልዩ ከምዝመጸ ካብ ኣቀራርባ ሕቶታቱን በዳሂ ተኸታታሊ ሕቶታቱን ጎሊሑ ይርአ። ብዛዕባ ኣፍልጦን ትኩረትን ፕረሲደንት ኢሳያስ ንዝምልከት ግን ካብ ዝህቦ መልስታትን መግለጽታትን ምእንቲ ክንመዝኖ ብቐጥታ ኣብቲ ቃለ-መጠይቕ ንእቶ።

**ቦስትሮም:** ሚስተር ፕረዚደንት፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ኤርትራ ኩነታት ከመይ ትግምግሞ?

**ኢሳያስ:** ድሕሪ 18 ዓመታት ጉዕዞ ኣብ ቀራና መንገዲ ኢና ንርከብ፡ ካብ ሕጂ ክሳብ ዝቕጽል ሰለስተ ዓመታት እቲ ከነዐውቶ ዘለና ጉዳያት ኣዐዊትና ክንብል ንኽእል።

**ቦስትሮም:** ካብ ዘዐወትኩሞ ንኣብነት እንታይ ኣሎ?

**ኢሳያስ:** ትሕተ-ቅርጻን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብን፤ ቀንዲ ኣትኩሮ ናይ ሓደ መንግስቲ ዓይነታዊ ለውጢ ኣብ መነባብሮ ህዝቡ ንምርግጋጽ እዩ ዝጽዕር፣ ካልእ ዋኒን የብሉን፤ ስለዚ ዕዮ ገዛና ጽቡቕ ገርና ተቐሪብና እቲ ቀዳማይ ተልእኾና ኣሳሊጥና'ሎና።

**ቦስትሮም:** እንታይ እዩ እቲ ካልኣይ ደረጃ'ኸ?

**ኢሳያስ:** ገዛ ክትሰርሕ ከለኻ ድልዱል መሰረት ክቕድም ኣለዎ፤ ስለዚ ድልዱል ሰረታት ቍጠባ ክንዝርግሕ ከም ጸዓት፣ ትሕተ-ቅርጻ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ኩሉ ክባጻሕ፤ ምውሓስ መግቢ ንኹሉ፤ ካልእ ቍጠባዊ ሰረታትን......

**ቦስትሮም:** ጸጋታት ብሕታዊ ውነናዊ ስራሓት (ፕራይቨት ኢንተርፕራይዝ) ኣብዚ ሃገር ከመይ እዩ?

**ኢሳያስ:** እንታይ እዩ ፕራይቨት ኢንተርፕራይዝ ?

**ቦስትሮም:** ዘይመንግስታዊ ፋብሪካታት-ማሕበራት፤ ብሕታዊ ኣብያተ ዕዮ...ብውልቀ ውነና ተበጊሱ ዝምዕብል ትካላት (ኢንተርፕረኑርስ) ማለት'ዩ ክብል ኣብሪህሉ።

**ኢሳያስ:** ብናተይ ኣረዳድኣ ብሕታዊ ውነና ማለት፤ ንኣብነት ንጽል ሓረስታይ፤ ሰብኣይ ዘይብላ ኣደ ክልተ ቆልዑ ዝኾነት መንእሰይ ሰበይቲ ቡን ወይ ሻሂ ኣፍሊሓ እትሸይጥ ብሕታውያን ኣፍረይቲ

እዮም። ከምኡም ዝኣመሰሉ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ድማ ኣለዉ። እንተ ከም ፎርድ ክራይስለር ጂኤም ዝመሰሉ ኮርፖረሽናት ትሓስብ እንተድኣ ኣሊኻ ግን እዚ ንዓኦም ዝኸውን ምቹእ ቦታ ኣይኮነን።

<u>**ቦስትሮም:**</u> ማእቶት ነዳዲን ወርቅን መዓስ ክጅምር'ዩ መደብኩም ?

<u>**ኢሳያስ:**</u> እቶት ንዓመታ ክጅምር'ዩ።

<u>**ቦስትሮም:**</u> ንምምሕያሽ ቍጠባኹም ካብዚ እንታ'ዩ ትጽቢትኩም ?

<u>**ኢሳያስ:**</u> ቍጠባና የበራብር ይኸውን፤ መሰረታዊ ለውጢ ከምጽእ ግን ኣይንጽበዮን።

<u>**ቦስትሮም:**</u> ፖሊቲካውን ቍጠባውን ስርዓት ኣብ ኤርትራ ብኸመይ ትገልጾ ?

<u>**ኢሳያስ:**</u> ስርዓትና እቲ ዝበለጸ እዩ፡ ካብ'ቲ ኣብ ሸወደን ዘሎ ይበልጽ።

<u>**ቦስትሮም:**</u> ሕራይ ከምኡ ካብ በልካ፣ ንስርዓት ቍጠባኹም እንታይ ትጽውዖ ? ዴሳዊ ወይ ሕውስዋስ'ዶ ወይስ ዓቃቢ ቍጠባ ?

<u>**ኢሳያስ:**</u> ዝኾነ ሓረግ መጸውዒ ክህቦ ኣይደልን፤ ምኽንያቱ ንጠምዚዞም ዝገልጹ ዕድል ክህብ ኣይደልን። ቍጠባና ግን ንዝበዝሑ ዜጋታት ዘርብሕ ማለት ዓቢ ማእከላይ ደርቢ ዝፈጥር፤ ውሑዳት ካብ 3 ክሳብ 5 % ሃብታማት ዝኾኑሉ፣ ኣዝዩ ውሑድ ድማ ብናይ መንግስቲ ሓገዝ ዝናበዩ ድኻታት ዝህልዉሉ ኢና ክንገብር ንጽዕር ዘለና። ነዚ እንታይ ክትጽውዖ ትደሊ? ሶሽያሊዝም ወላ ሶሽያል ደሞክራቲክ ፖሊሲ፣ ድላይካ በሎ።

<u>**ቦስትሮም:**</u> ናህና ስርዓት ካብ ናይ ሸወደንኩም ይበልጽ ኢልካኒ ኔርካ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽካዮ ማለትካ'ዲኻ ?

<u>**ኢሳያስ:**</u> ንስርዓት ሸወደን ቀደም ድሓን ምንባሩን ንዝበዝሑ ካብ ዜጋታቱ ዘርብሕ ከምዝነበረን፤ ድሒሩ ግን ብ10% ዝኾኑ ካብ'ቲ ህዝቢ'ዩ እቲ ሃብቲ ዝውነን። ኣብ መወዳእታ ግን ምናልባሽ ዓይነት መነባብሮ'ኹም ካብ ናይ ዚምባብወ ይፍለ ይኸውን፡ ታንዛንያ ንስርዓት ቍጠባኹም ክቐድሑ ፈቲኖም ፈሺሎም'ዮም።

<u>**ቦስትሮም:**</u> ዝበለጸ ስርዓት ካብ ሃለወኩም፤ ኤርትራ ኣብ 2015 ኣበየናይ ደረጃ ትበጽሕ ትብል?

<u>**ኢሳያስ:**</u> እዚ ንዓይ ዓቢ ጸገም'ዩ ነዚ ክምልስ፡ እዚ ማለት ድማ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ምኻኑ እዩ፤ እዋእ ስእሊ ክስእል ኣለኒ... ትሕተ-ቅርጻን ካልእ መደባትን ኣበይ ደረጃ ይበጽሕ እዩ ዝምርኮስ... ክንጅሃር'ድኣ ኣይንደልን'ምበር ብኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ኣፍሪቃ ካብተን ዝበለጻ ላዕለዎት 5 ሃገራት ኢና፡ ገና ክንቅጽል ቍጽሪ ሓደ ኢና ክንከውን ንደሊ። ናይ ሓጺርን ነዊሕን መደብ ኣሎና፡ ንኽልቲኡ ብሓንሳብ ኢና ነካይዶ።

<u>**ቦስትሮም:**</u> ምስ ኢትዮጵያ ገና ኣብ ባእሲ ኢኹም ዘለኹም፡ ትጽበ'ዶ ሓድሽ ውግእ መሊሱ ከይባራዕ?

<u>**ኢሳያስ:**</u> ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ዝምድና ብሰንኪ'ቲ ጸቢብ ዓንኬል ኣብ ስልጣን ዘሎ ምቍሳሉ የሕዝነና እዩ። ሰላም ክመጽእ'ዩ፤ ግን ምስ'ዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ፍጹም ኣይከውንንዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ጉጅለ ምሳና ይኹን ምስ ሶማልን ብሄራት ኢትዮጵያን ዘካይዶ

ኩናት ንውሽጣዊ ጉዳያት ህዝቢ ንምዕፋንን ዕድሜኡ ኣብ ስልጣን ንኸናውሕን ዝጥቀመሉ ሜላ እዩ።

**ቦስትሮም፡** እሞ ብኸመይ ድኣ ሰላም ክሰፍን ይኽእል? ናይ ዓለም ማሕበረ ሰብ ክጻወቶ ዝኽእል ተራ ኣሎ'ዶ?

**ኢሳያስ፡** ኣብ ሰላም ኢና ዘለና፤ እወ ሓቂ'ዩ ኣብ ሓለዋ'ውን ኣለና። ግን ምርጫ የብልናን ምስ ሕጊ ዘየኽብሩን ከዳኽሙና ብማዕዶ ዝሕልዉናን፡ ኵሉ ጊዜ ኣብ ተጠንቀቕ ክንከውን ንግደድ።

**ቦስትሮም፡** ብዝሒ ሰራዊትኩም ኣብ ዶብ ክንደይ እዩ፡

**ኢሳያስ፡** ኣይፈልጥን'የ፤ ዋላ'ውን ኣይግድሽንን'ዩ ክንደይ ምኻኖም። ንዓይ ዘገድሽኒ ዶብና ሕልዊ ጥራይ ምስዝኸውን እዩ።

**ቦስትሮም፡** ክሳብ መዓስ ኣብ ሓለዋ ክትህልዉ፤ ኣበይ እዩ ዝውዳእ?

**ኢሳያስ፡** ጸገምና ከቢድ ኣይኮነን፤ ምዓስ ይውዳእ ኣይፈልጠን፡ ግን ካብ ናይሮቢ ጆሃንስበርግ ካብ ለጎስ..ወዘተ ንሕና ንሓይሽ። ምስኣን ዅነታትና ክወዳደር ከሎ ንሕና ኣብ ሰላም ኢና ዘለና…

**ቦስትሮም፡** ንውሳኔ ናይ ዶብ ኮሚሽን ከመይ ትርእዮ?

**ኢሳያስ፡** ጽቡቕ ስራሕ ጌሮም። ኣብ ካርታ ድማ ተሓንጺጹ እዩ፡ ናይ መሬት ኣገዳሲ ኣይኮነን፡ እምኒ ወይ ኣዕኑድ ዝኾነ ከልግሶ ይኽእል'ዩ፡ ኣብ ካርታ ዘሎ ግን ንዘልኣለም ኣብኡ'ሎ።

**ቦስትሮም፡** መንግስቲ ኣመሪካ ንኢትዮጵያ ከም እምንቲ መሓዛኣ'ያ ትቖጽራ፡ ከመይ ትርእዮ?

**ኢሳያስ፡** እዚ ዓቢ ጸገም ናይ ምትእትታው ኣብ ዞናና ኣመሪካ ትገብሮ ዘላ…. ኣይንፈትዎን ኢና።

**ቦስትሮም፡** ሽወደን ንኢትዮጵያ ሓገዝ ትህብ'ያ፡ ኤርትራ ግን ኣይትሕገዝን፡ ከመይ ትርእዮ ?

**ኢሳያስ፡** መንግስቲ ሽወደን ናጻ ኣይኮነን፡ መቐጸልታ ናይ ስርዓት ዋሺንግቶን እዩ። ናይ ገዛእ ርእሱ ናጻ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ቅዋም የብሉን። ዋሺንግቶን ዘዝበሎ ከም ደጋሚት ዑፍ (ፓፓጋሎ) ዝደግም'ዩ፡ ተጋግየ ክኸውን ተስፋ ገብር፤ ግን ከምኡ እዩ እቲ ሓቂ።

**ቦስትሮም፡** ናይ ገበርቲ ሰናይ ሓገዝ ብምንጻግ ዝተፈለጥኩም ሃገር ኢኹም፡ ስለምንታይ ሓገዝ ኣይትቕበሉን?

**ኢሳያስ፡** ዝኾነ ይኹን ሓገዝ ኣይክንወስድን ኢና። ሓደገኝነት ናይ ተመጽዋቲ ምኻን እንታይ ምኻኑ ንፈልጥ ኢና። እዚ ንሓገዝ ዘይኮነ፣ ንኽንበርክኽን ከዳኽምን፣ ተጸባዪ ጌሩ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ከእቱ ዝተመደበ ቀታሊ ተንኮል'ዩ፤ ስለዚ ሓደ ህዝቢ ባዕሉ ንነብሱ ኣፍርዩ መግቡ ከውሕስ ኣለዎ።

**ቦስትሮም፡** ኣብዚ እዋን'ዚ ሃገርኩም ዝኾነ ይኹን ሓገዝ'ዶ ኣየድልያን'ዩ?

**ኢሳያስ፡** ብፍጹም ኣየድልየናን።

**ቦስትሮም፡** ሕጂ'ውን ደጊሙ "ኣብዛ እዋን'ዚኣ ሓገዝ ኣየድልየናን ኢልካ ትሓስብ"

ኢሳያስ፡ ዘድልየና ኣይመስለንን።

ቦስትሮም፡ ሚስተር ፕረሲደንት፣ ዜና ማዕከን ናይ ሽወደን ንጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ሓራ ንምውጻእ ብርቱዕ ወፈራ ኣብ ምክያድ ይርከብ፡ እንታይ እዩ ርእይቶኻ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ?

ኢሳያስ፡ እዚ መስሓቕ'ዩ፤ ኣብ ብራሰለስ'ውን ሓደ ጋዜጠኛ ሓቲቱኒ ነይሩ። እዚ ክልተ ዜግነት ክህልዎ ይኽእል'ዩ፤ ግን ኤርትራዊ ስለዝኾነ ብኤርትራ ተሓታቲ እዩ። እዚ ብውልቀ ትካላት ኣብ ሽወደን ኣቢሉ ምስ ሲ.ኣይ.ኤ. ዝተኣሳሰረ ንናይ ኤሮጳን ኣመሪካን ናይ ስለላ ማዕከናት መሳርሒ እዩ። ዓቢ ጌጋ ፈጺሙ፣ ተሓታቲ ድማ እዩ። ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝካየድ ወፈራ ኣይግድሽናን'ዩ። ሽወደን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኣየእትዋን'ዩ፡ ክትሓተሉ'ውን መሰል የብላን። እዚ ብዓቢኡ ብሲ.ኣይ.ኤ. ዝተመደበ ወፈራ ድኣ'ምበር ናይ ሽወደን ጥራይ'ውን ኣይኮነን።

ቦስትሮም፡ ወፈራ ኣንጻር ኤርትራ ማለትካ'ዲኻ፤ ስለምንታይ ከምኡ ኮይኑ ትብል?

ኢሳያስ፡ ኣመሪካ ኣብዚ ዞና ትፍጽሞ ምትእትታዋት ኣይንጻወሮን ኢና፤ ናይ ረብሓታታ ኣሳሰይቲ ድማ ስለዘይኰንና። ህዝቢ ኣመሪካ'ውን ምትእትታዋት ተቓዊሙ'ዩ፡ ነዚ ንምእራም'ዩ ንኦባማ መሪጹ ዘሎ።

ቦስትሮም፡ እቲ ቀንዲ ኣጀንዳ ናይ ሎሚ ብዛዕባ ዳዊትን ኣበይ ከምዘሎን እንታይ እዩ መእሰሪኡን'ዩ'ሞ ክትነግረና'ዶ ትኽእል?

ኢሳያስ፡ ኣይፈልጥን'የ፤ ዋላ'ውን ኣይግድሽንን'ዩ። ኣበይ ኣሎ- ከመይ ኣሎ ኣይግድሰንን'ዩ፡ ጌጋ ፈጺሙ፤ ተሓታቲ እዩ። ብዛዕባ ዝፈጸሞ ገበን ክሳብ'ቶም ንዕኡ ዘጋገዩ ባእታታት ኣብ ሽወደን ዘለዉ ዘይመጹ ኣይክንዛረበሉን ኢና፡ ንሶም ቅድም ክቐርቡ ኣለዎም።

ቦስትሮም፡ ናብ ቤት ፍርዲ ከተቕርብዎ'ዶ ትሓስቡ?

ኢሳያስ፡ ኣይነቕርቦን ኢና። ንዕኡን ከምኡ ዝኣመሰሉን ብኽመይ ንፈርዶም መንገድና ኣሎና።

ቦስትሮም፡ ብመስከረም 2001 ዓ.ም ብሕታውያን ናጻ ጋዜጠኛታትን ሰበስልጣንን (ሚኒስተራት) ኣሲርኩም። እንታይ ነይሩ እቲ ምኽንያት?

ኢሳያስ፡ ብሕታውያን ናጻ ጋዜጣ ሽዑ ይኹን ሕጂ የለን፤ ኣይነበረን። እዚ ብሲ.ኣይ.ኤ. ዝምወል ብደገ ዝዝወር ዝበሉዎም እናጸሓፉ ንዕላማታቶም ዘገልግሉ እዮም ነይሮም። ብዛዕባ ናጻ ጋዜጣ ኣብ ዓለም ናይ ኣብ ስልጣን ንዘለዉ ዘግልግል ጸረ ሓፋሽ'ዩ።

ቦስትሮም፡ ናጻ ጋዜጣ ንኤርትራ የስግኣ'ድዩ?

ኢሳያስ፡ ፍጹም ኣየስግኣናን'ዩ፡

ቦስትሮም፡ እሞ ክሰርሕ ዘይትኽፍቶ ድኣ ስለምንታይ?

ኢሳያስ፡ ኣይንኽፍቶን ኢና፡ እንታይ ዋጋ ኣለዎ ሓደ ኣብ ዋሽንግቶን ኮፍ ኢሉ ንዝቈጻጸሮ ንኽፍተሉ።

ቦስትሮም፡ ናጻ ጋዜጣ ኣብ ኤርትራ ኣወንታዊ ግደ ዝጻወቶ የብሉን ትብል ኣለኻ?

ኢሳያስ፥ ናጻ ጋዜጣ ዝብሃል የለን፡ እዚ ዘለና ጋዜጣ እዩ ናጻ ጋዜጣ። ናጻ ጋዜጣ መሳርሒ ናይ ኣብ ስልጣን ወይ ተጠቀምቲ ጃንዳታት'ዩ። ንኣብነት ንዓኻ መን ደሞዝካ ይኸፍለካ? መገሺ ቲኬትካ መን ይኸፍሎ? እንተድኣ ገለ ካምፓኒ ዝኸፍሎ ኮይኑ ተቖጻጺሩካ'ሎ ማለት'ዩ፡ ናጻ ኣይኮንካን።

ቦስትሮም፥ ቀደም ንስኻን (ውድብካ) ህዝባዊ ግንባርን፣ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት፤ ደሞክራስያን ህዝባዊ ምርጫታትን ከነውሕስ ኢና ኢልኩም ኔርኩም፡ ምስዚ ሕጂ ትብሎ ዘለኻ ግን ብኸመይ ንህዝብኹም ከተምሓድርዎ ትፍትኑ?

ኢሳያስ፥ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት፤ እንታይ ማለትካ እዩ፤ መን ከልኪሉ…፡ ኣብ ፖለቲካ ናይቲ ሃገር ክሳተፍ ዝደለየ፤ ኣብ ውሳኔታት ምሕላፍ ክሳተፍ ዝደለየ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት ቀዳሞት ሰባት ኣብ ግሪኽ ተኣኪቦም ተሰማሚዖም የማሕድሩ ኔሮም፡ ኣብ መበል 20 ዘመንን ቅድሚኡን'ውን ህዝቢ ተኣኪቡ ውሳኔታት የሕልፍ ኔሩ እዩ። እዚ ናይ ሎሚ ግን ደሞክራሲ እናበልካ ውሑዳት ንብዙሃን ዝቆጻጸርሉ ግዝኣት ባርነት'ዩ ዝካየድ ዘሎ።

ቦስትሮም፥ ደሞክራስያዊ ምርጫታት ከተካይዱ'ዶ ትሓስቡ?

ኢሳያስ፥ ፈጺምና መደብ የብልናን፡ ነቲ ናይ ኤሮጳ ዝመስል ምርጫታት ኣይንገብርን ኢና። ናይ ባዕልና ኣገባብ ኣሰታትፋ ናይ ህዝቢ ኣብ መንግስታዊ ስራሓት ኣሎና። ነቶም ደሞክራሲ ዘይኮኑ፣ ግን ኢና ዝብሉ ኤሮጳውያን ኮነ ንስኻ ንስዑድያ ኬድኩም ምርጫ ግበሩ ኢልኩም ሕተቱዎም። ከምኡ'ውን ንጆርዳን ንኩወይት ንሞሮኮ ንቻይና በልዎም። ንዓና ኣይትድፋኡና ክትድህሉና ኣይትፈትኑ…

ቦስትሮም፥ እሞ ንደሞክራሲ ድኣ ከመይ ኢኻ ክትገልጻ?

ኢሳያስ፥ ደሞክራሲ ግዝኣት ናይ ብዙሓን ዘድመጽሉ እዩ። ግን ኣብ ኤሮጳን ኣብ ኣመሪካን ደሞክራሲ የለን። እቲ ሕጂ ዘሎ ውሑዳት ንብዙሓት ዝገዝእ ተሞክሮ እዩ።

ቦስትሮም፥ ምርጫ ከየካየድካ ከመይ ጌርካ ድምጺ ብዙሓንን ውሕዳትን ክትፈልጥ ትኽእል?

ኢሳያስ፥ ብዛዕባ ምርጫታት ብዙሕ ኣብነት ከምጽኣልካ ይኽእል'የ፡ ናይ ቡሽን ጎርን ዘስዓቦ ቅልውላው፣ ዋሕዲ ተሳተፍቲ ኣብ ናይ ኤሮጳ ምርጫታት፤ ኣብ ህንዲ ልዕሊ ሚእቲ ሚልዮን ናይ ምምራጽ መሰል ዝተነፍጎም ወገናት ወዘተ…። ናይ ዘረፋን ቅትለትን ማእሰርትን ኣብ ልዕሊ ድኻታት ዝፍጸም ተግባራት እምበር ሓቀኛ ዲሞክራሲ ኣይረኤናን።

ቦስትሮም፥ ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ዜና ማዕከናት ብተሪር'የን ዝነቕፉኻ፤ ምስ ሰሜን ኮርያ የወዳድሩኻ፤ ዲክታቶርያዊ ይብሉኻ ..ወዘተ።

ኢሳያስ፥ መንዩ ከምኡ ዝብል ዘሎ፡ ሲ.ኣይ.ኤ. ዘዋፈረተን ኣማእታት ወብ ሳይታት ንኤርትራ ዘጥቅዓ ድየን….ንኣብነት ንስኻ ካበይ እዩ ምንጪ ሓበሬታ'ኻ፣ ንገረኒ ..ትፈልጥ ኢኻ።

ቦስትሮም፥ ግደ ሓቂ እንተደሊኻ እቲ ምንጪ መድያ እዩ። ብመሰረቱ ደሞክራስያን ምርጫን ፍትሕን ዘይምህላዉ ኣብዚ መደምደምታ'ዚ ከብጽሖም ብቐሊሉ ይኽእል እዩ።

ኢሳያስ፥ ንምንታይ ኣብ ልዕሌና ከምዚ ዝፍጽሙ፡ ዘይከዱ ንስዑድያ ንሞሮኮ ኩወይት… ዘይብልዎም። ንዓይ ከምዝመስለኒ ጽንዓት ህዝብናን መንግስትናን ናታቶም ፍሽለትን እዩ

ዘንጸርጽሮምን ኣብ ልዕሌና ጸለመ ዘዋፍሩን ዘለዉ። ንኣብነት እንታይ እዩ እቲ መንቀሊ ምስ ሰሜን ኮርያ ዘውዳድሩና? ክትምልሰለይ እሓተካለ'ኹ።

**ቦስትሮም:** ምስ ኩሉ ኣኽብሮት፤ ናተይ መልሲ ዘይኮነስ ናትካ መልሲ ክሰምዑ እዮም ዝጽበዩ።

**ኢሳያስ:** ንስኻ'ንዲኻ ትሓትት ዘሎኻ፤ ካበይ ሰሚዕካዮ...ምንጭኻ ክትሕብር ሓላፍነትካ እዩ።

**ቦስትሮም:** ወከልትኻ ኤርትራውያን ኣብ ሽወደን ከም ዝገልጽዎ፣ "ኣብ ሽወደን ግጉይ ኣረዳድኣ ብዛዕባ ኤርትራ ኣሎ" ይብሉ። እንታ'ዩ እዚ ግጉይ ኣረዳድኣ ዝብልዎ ዘለዉ?

**ኢሳያስ:** ምስ ኣባሃህላኦም ኣይሰማማዕን'የ፡ ውልቀ ሰባት ኰነ ኢሎም ብቐጻሊ እናቃልሑ፤ ግጉይ ሓበሬታ ዘርጊሖም ዝፈጠርዎ ድንግርግር'ዩ።

**ቦስትሮም:** እንታይ ዓይነት ናይ ወጻኢ ዝምድና ምስ ሽወደን ክህልወኩም ትርኢ?

**ኢሳያስ:** ኣብዚ እዋን'ዚ መንገዲ የለን፡ እንግደሰሉ ጉዳይ'ውን ኣይኮነን።

**ቦስትሮም:** እንታ'ዩ ዝዓግቶ?

**ኢሳያስ** ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ሰበስልጣን ሽወደን ዘርኣይዎ ስነስርዓት ዝጎደሎ ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያትና ዘይስልጡንን ኣቐያምን'ዩ ነይሩ። ስለዝሓተትካኒ'ምበር ብዛዕባ ሽወደን ኣብ ዓመት ዋላ ንሓደ ደቒቕ'ውን ዘኪረዮም ኣይፈልጥን።

**ቦስትሮም:** የቐንየለይ።

**ኢሳያስ:** ገንዘብካ።

**ትዕዝብትና**

እዚ ትርጉም ናይ'ቲ ቃለ-መሓትት ከምዘለዎ ኮይኑ፤ ነቲ ዝደጋገምን ኣዝዩ ነዊሕ ገለጻን ግን ጽማቝ ኢና ኣቕሪብና ዘሎና። ጋዜጠኛ ብዘይ ምንሓፍ ካብ ዘዳለዎን ፕረሲደንት እሳያስ ካብ ዝጠቐሶን እናልዓለ ብዘይ ንሕስያ ሓቲቱ። ፕረሲደንት ኢሳያስ ሓንሳብ ነቲ ሕቶ ገዲፉ ኣብ ዘይተሓተቶ ጉዳያት ካልኦት ሃገራትን ህዝብን ክምልስ ይርአ፡ ኣብ ገለ ሕቶ እናሰሓቐ ኣብ ገለ ድማ እናንጸርጸረን እናስተማሰለን ካብ መራሒ ሃገር ዘይትጽበዮ ጠባይ ኣርእዩ። ቦስትሮም ግን ኣብ ብሙሉኡ'ቲ ቃለ-መሓትት ብትዕግስቲ ጼሩዎ ተልእኾኡ ፈጺሙ።

ንባህርያትን ጥልመትን president ኢሳያስ ክከታተል ዝጸንሐ ኣይሕደሶን'ዩ፡ ግን እናገደዶን እናዓበደን ይኸይድ ምህላዉ ተወሳኺ ሓበሬታ እዩ። እንተ'ቶም ዘይዓግቡሉ ግንከ ዘይቀበጽዎ ዝነበሩ ግን እዚ ቃለ-መሓትት'ዚ ምስተኸታተሉ ከምዝቐብጽዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ሕጂ ዝብሎ ዘሎን ዝኸተሎ ዘሎን ምልካዊ ኣመሓዳድራ ምስ'ቲ ኣብ ሰውራን ፈለማ እዋናት ናይ ናጽነትን ዝመባጽዖ ዝነበረ ብቐጥታ ዝራጸም'ዩ።

ብምሉእ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ቪድዮ ክከታተል ዝደሊ እዚ ኣድራሻ'ዚ ክትጥቀሙ ንሕብር፡

http://tv4play.se/aktualitet/nyhetsmorgon?videoId=1.1014115&selId=1.923808&currPage=1&renderingdepartment=2.34562